ድምፂ ወያነ ትግራይ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ውልቐ ማሕበር ካብዚ ንታሕቲ ቀፂሎም ዘለው ንብረታት ኔትወርክ ራዉተር በዝሒ 1 ፣ ላፕቶፕ ኮር ኣይ 7 በዝሒ 1 ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሰርሕ ይደሊ ስለ ዝድሊ ክትጫረቱ ትደልዩ ትካላት ብመሰረት እቲ ቀሪቡ ዘሎ እስፔስፊኬሽን ንክትጫረቱ ብክብሪ ይዕድም፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 12, 2012 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 20, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 20, 2012 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ኮምፒተር ተዛመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ናይ 2012 ዓ/ም ፍቃድ ንግዲ ዘሐደሱን ተወሳኪ እሴት ታክስ /ቫት/ ተመዝገብቲ ዝኮኑ፤

2 ናይ ወርሒ መስከም 2012 ቫት ዲክለር ዝተገበረሉ ኮፒ ከቅርብ ዝክእል፤

3 ውሕስና ጨረታ 5000 ብመልክዕ ሲፒኦ ወይ ኣብ ባንኪ ዝተውሃበ /ዝተረጋገፀ/ ቼክ ከቅርብ ዝክእል፤

4 ዶክመንት ጨረታ ኩሉግዜ ኣብ ስራሕ ሰዓት ካብ 10/03/2012ዓ/ም ጀሚሩ ዘይምለስ ብር 50.00 ብምክፋል ካብ ዋና ክፍሊ ፋይናንስ ቁፅሪ ቢሮ 308 ዶክመንት ክትወስዱ ትክእሉ፤

5 ዶክመንት ጨረታ ፋይናሻል ቴክኒካልን መሊእኩም ብዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ቢሮ 409 ክተቅርቡ ትክእሉ ምኻንኩም ንሕብር፤

6 እቲ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት 10/03/2012ዓ/ም ጀሚሩ /10/ ዓሰርተ ናይ ስራሕ መዓልታት ብምፅናሕ ዕለት 20/03/2012 ልክዕ ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ሰዓት 4:30 ረፋድ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ 4ይ ፎቅ ኣብ ዝርከብ 404 ኣዳራሽ ይክፈት፤

7 ሰዓራይ ትካል ምስተፈለጠ እቲ ንብረትኣብ ውሽጢ 10 /ዓሰርተ/ መዓልታተ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ቤት ፅሕፈት ድምፂ ወያነ ትግራይ የረክብ፤

8 ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0344-410544/46 ብፖስታ 450 ምድዋል ይከኣል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle